**ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ሓደ ሰብ ውልቃዊ መንነት ዝገልጽ ሓበሬታ**

ኣብ ሙራ ኮሙን ብዛዕባ ንውልቃዊ መንነትካ ዝገልጽ ሓበሬታ (ዳታ) ብዝተፈላለየ መንገዲ ክንዕቅቦን ክንሕዞን ይግብኣና፡ንኣብነት ኣብ ገለ ናይ ኮሙን ፎርም ጠለብ ወይ ጥርዓናት ኣብ እተቕርበሉ እዋን፡እዚ ማለት እቲ ናይ ንውልቃዊ መንነት ዝገልጽ ሓበሬታ (ናይ ውልቀሰብ ዳታ) ብ መልክዕ መዝገብ ከም ዝተሓዝ ይግበር። ኣብ መላእ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝስረሓሉ ኣገባብ ስርዓተ ምክልኻል ሓበሬታ ወይ ዳታ ኢና ድማ ንኽተል ወይ ድማ ንካልኦት ሕግታት ምርኩስ ብምግባር።

ንውልቃዊ መንነትካ ዝገልጽ ሓበሬታ ወይ ዳታ ብኮሙን ተታሒዙ ዘሎ ጉዳይካ ኣገዳሲ ኪሳብ ዝኾነ ፡ ምስ ሕጊ ብዝሰማማዕ መንገዲ ይተሓዝ። ብመሰረት ናይ ፕረስ ናጽነት ፡ ወግዓውነት፡ ሕጊ ኣርካይቭን ወይ ድማ ማህደር ንውልቃዊ መንነትካ ዝገልጽ ሓበሬታ ወይ ዳታ ንመጻኢ ተዓቂቡ ክጸንሕ ምእንቲ ናይ ሽወደን ስርዓት ሕጊ ናይ ህዝባዊ ሰነዳት ይሰርሓሉ።

እቲ እተቕርበልና ውይ እትህበና ንውልቃዊ መንነትካ ዝገልጽ ሓበሬታ/ ዳታ ነቲ ክትህበና እንከለኻ ዝተደልየሉ ዕላማ ጥራይ ኢዩ ዘገልግል፡ እንተደኣ ብምስጢር ናይ ምሓዙ ኣድላይነት ዘይብሉ ኮይኑ ግን ብወግዓዊ መንገዲ ንካልኦት ክወሃብ ይከኣል፡ እዚ ማለት ንዜጋታት፡ ሜድያታትን/ መራኸቢ ብዙሓንን ሰበስልጣናትን ነቲ ምስጢራዊ ዘይኮነ ወይ ብምስጢር ክተሓዝ ዘይድለ ሓፈሻዊ ሰነዳት ናይ ምርካብ መሰል ይህልዎም።

ኣብ ሙራ ኮሙን ንውልቃዊ ናይ መንነት ሓበሬታ ናይ ምሓዝ ሓላፍነት ዘለዎም ኣካላት ተጠቒሶም ኣለዉ። ነብሲ ወከፍ ምምሕዳር ወይ ክፍሊ ስራሕ ምስኦም ዝተሓዝ ዝርዝር ናይ ንውልቃዊ መንነት ዝገልጽ ሓበሬታ ኣለዎም፡ ከም ኣየኖት ሓበሬታታት፡ን ኣየኖት ዕላማታት ከገልግሉ ተባሂሉ ይተሓዝ ፡ እንተድኣ ካብን ናብን ምልውዋጥ ናይ’ቶም ሓበሬታታት ምስ ካልኦት ኣካላት ዝግበር ኮይኑን ዘይኮይኑን ፡ ንውሓት ናይ ክዕቀብዎ ዝግባእ ግዜን ከምኡ ድማ እቶም ሓበሬታታት/ ዳታት ምስ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወጻኢ ዝኾና ሃገራት ዝተሓዝ ኰይኑን ዘይኰይኑን ።

እቲ ምሳና እንሕዞ ንውልቃዊ መንነትካ ዝገልጽ ሓበሬታ/ ዳታ ን ኣብ ኮሙንና ዝርከብ ክፍሊታት ናይ ስራሕ ወይ ውን ሰበስልጣናት ነካፍሎም ኢና፡ ን ኣብነት ቤት ጽሕፈት ቀረጽ( skatteverket)፡ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ጸብጻብ (SCB) ፡ ፖሊስ ከምኡ ድማ ናይ ድሕነት ካሳ (Försäkringskassan) ። ኣብ ዓይነት ጉዳይካን ከምኡ ድማ እቲ ኮሙን ዝህልውዎ ግዴታታትን ይምርኰስ፡ ን ኣብነት ስልጣን ኣብ ምጥቃም። እቲ ሓበሬታ/ዳታ ን ኣቕረብቲ ስርዓት ሓበሬታ/ ተሓጋገዝቲ ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ንውልቃዊ መንነት ዝገልጽ ሓበሬታ ተባሂሎም ዝጽውዑ ክ ወሃብ ውን ይኽእል ኢዩ ፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ንጉዳይካ ክንሕዝ ክንክእል ምእንቲ ስለ ንጥቀመሉ ኢዩ። እንተደኣ እዞም ተሓጋገዝቲ ነቲ ሓበሬታ ናብ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ወጻኢ ዝኾነት ሃገር ኣተሓላሊፎሞ እቲ ምትሕልላፍ ናይ ሓበሬታ ምስ ሕጊ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝስማማዕ ብውሑስ ኣገባብ ይካየድ ምህላዉ ናታቶም ሓላፍነት ይኸውን ።

እንተ ደኣ ብዛዕባ ንውልቃዊ መንነትካ ዝገልጽ ሓበሬታ ብኸመይ ይተሓዝ ዝብል ሕቶ ኣለካ ኮይኑ ወይውን እንተ ደኣ ነቐፌታ ኣለካ ኮይኑ ብመጀመርያ ምስቲ ንጉዳይካ ሒዙ ዘሎ ውልቀሰብ ክትዘራረብ ንምሕጸነካ ወይውን ምስቲ ብዛዕባ ጉዳይካ ዝምልከቶ ምምሕዳር ክፍሊ ስራሕ ። ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ሓበሬታ ዝሰርሑ ሰባት ኣብዚ ክትረኽቦ ትኽእል።

እተ ደኣ ብኣገባብ ኣተሓሕዛ ዳታ ኣብ ልዕሊ ኮሙን ነቐፌታ ወይ ሕቶ ኣለካ ኮይኑ ክፍሊ ምክልኻል ሓበሬታ ዝበሃል ኣካል ውን ስለዘሎ ጥርዓንካ ወይ ሕቶኻ ናብኡ ውን ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ኣካል እዚ ብቐሊሉ ብ ኢመይል orsa.kommun@orsa.se ወይ ውን ብ ቁ.ስ 0250-55 21 00 ብምድዋል ክትረኽቦ ትኽእል።

እንተ ድኣ ጥርዓንካ ብዛዕባ ኣገባብ ኣተሓሕዛና ንዳታ ዝምልከት ኮይኑ ጥርዓንካ ናብ tillsynsmyndigheten, Datainspektionen ክትቕርብ መሰል ኣለካ ፡ ብመጀመርያ ናባና ምስ እተቕርቦ ግን ኣዚና መመስገንናካን ብሓንሳብ ኣብ ምፍታሕ ንፍትንን ።

**መሰላትካ ኣብ ጽሑፍ ከምዘሎ**

እንተ ደኣ ብዛዕባ ንውልቃዊ መንነትካ ዝገልጽ ምሳና ዘሎ ዳታ ሓበሬታ ደሊኻ ልክዕ ከም ናይ ቀደምካ ንዓና ናይ ምርካብ መሰልካ ዝተሓለወ ኢዩ። ኣየኖት ዳታ ኢዮም ፡ ካበይ መጺኦም፡ ንምንታይ ዕላማ ኢና'ኸ ሒዝናዮ ዘለና ንኽንሕዞ'ኸ ሕጋዊ ባይታ ኣሎና ድዩ ንዝብሉ ንኽትፈልጥ ብናይ ኮሙን ኢመይል orsa.kommun@orsa.se ወይውን ብ ቁ.ስ 0250-55 21 00 ብምድዋል ርኸበና። ኣየኖት ዓይነት ንውልቃዊ መንነትካ ዝገልጹ ዳታ ኢና ሒዝና ዘለና ንምፍላጥ ናይ ወረቐት ጽሑፍ ክ ወሃበካ ክትሓትት ትኽእል ፡ እርማት ብዛዕባ ንውልቃዊ መንነትካ ዝገልጽ ሓበሬታ፡ምሳና ዝተሓዝ መዝገብ ደረት ኣብ ምግባር ፡ተቓውሞ ምስማዕ ወይ መዝገብ ኣብ ምድምሳስ ወይ መዝገብካ ኣብ ምትሕልላፍ ዝምልክት ዛዕባታታ መሰልካ ኢዩ። እዚ ብቐሊሉ ብናይ ኮሙን ንዓና ኢመይል orsa.kommun@orsa.se ጌርካ ንዓና ብምርካብ ወይውን ብ ቁ.ስ 0250-55 21 00 ብምድዋል ክትገብሮ ትኽእል። እንተድኣ ንውልቃዊ መንነትካ ዝገልጽ ሓበሬታ ክንምዝግቦ ተሰማምዕካ ኣብዝደለኻዮ ግዜ ክተሰርዞ ውን ትኽእል ኢኻ። ናብቲ ሓበሬታ ዝ ሃብካዮ ኣካል ብምኻድ ተሰርዞ።